# ካልኣይ ደረጃዊ ትምህርቲ ንምርካብ ካልእ መገዲ



ኣብ ልዕሊ እተን 18 ሃገራውያን መደባት፡ ኣህጉራዊ መፋነዊ ፈተና Baccalaureate (IB)፡ ኣዚዩ ልዑል ትምህርቲ spetsutbildningar፡ ናይ ተልመደን ትምህርቲ (ኣብ ውሽጢ ሞያዊ መደባት)፡ ትምህርቲ ስፖርት፡ ሃገራዊ ምልመላ ትምህርቲ riksrekryterande utbildningar ከምኡውን ፍሉይ ዓይነታት ትምህርቲ ኣሎ። ኣብዚ ብዛዕባ እተፈላለየ ኣማራጺታት ከተንብብ ትኽእል።

## ናይ ተልመደን ትምህርቲ

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ነቲ ናይ ሞያ ትምህርቲ ከም ተልመደን ኴንካ ምውሳድ ይከኣል እዩ። ልክዕ ከምቲ እቶም ኣብ መደባዊ ትምህርቲ ኣትዮም ሞያዊ ፕሮግራማት ዚወስዱ ተምሃሮ ዚረኽቡዎ ፍልጠት ክትረክብ ትኽእል።

## ስፖርት

ብዝለዓለ ደረጃ፡ ንኻልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ስፖርት ምሕዋስ ይከኣል እዩ።

## ፍሉይ ዓይነታት ትምህርቲ

ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ኾይኑ ኩሉ ወይ ክፋል ናይቲ ትምህርቲ ትኹረትን መደብ ምዕማቖን፡ ካብቲ ሃገራዊ መደብ እተፈልየ እዩ።

## ልዑል ትምህርቲ

ነቲ መደብ ፍሉይ ዝኾነ ዝሰፍሐን ዝዓሞቐን ናይ ሳብጀክት ፍልጠት።

## ኣህጉራዊ መፋነዊ ፈተና፡ መደብ ዲፕሎማ (IB)

IB ንኮለጅ ዘዳሉን ብኣህጉር ደረጃ ድማ ፍሉጥ ብቑዓት ዘለዎን መደብ እዩ። እቲ ትምህርቲ ብዓቢ ክፋሉ ብእንግሊዝ እዩ ዚውሃብ።

## ናይ በረራ ተክኒክ

ትምህርቲ ተክኒክ በረራ፡ ናይ ሃገራዊ ምልመላ ሞያዊ ትምህርቲ ኾይኑ ንኣኻ ከም መካኒክ ነፈርቲ ወይ ሀሊኮፕተራት ኴንካ ክትሰርሕ ንእትደሊ ሰብ ዚምልከት እዩ።

## ትምህርቲ ተክኒክ ባሕሪ

ትምህርቲ ተክኒክ ባሕሪ፡ ናይ ሃገራዊ ምልመላ ሞያዊ ትምህርቲ ኾይኑ ንኣኻ፡ ንኣብነት፡ ከም ናይ ባሕሪ መካኒክን ናይ ባሕሪ ናይ ሲስተም መካኒክን ኴንካ ክትሰርሕ ንእትደሊ ሰብ ዚምልከት እዩ።

## ትምህርቲ ባሕረኛነት

ትምህርቲ ባሕረኛነት፡ ናይ ሃገራዊ ምልመላ ሞያዊ ትምህርቲ ኾይኑ ንኣኻ፡ ከም ባሕረኛ፡ ኣላይ ሞቶረ ወይ ናይ መርከብ ኤለትሪቺስታ ኴንካ ክትሰርሕ ንእትደሊ ሰብ ዚምልከት እዩ።

## ትምህርቲ ተክኒክ ባቡር

ትምህርቲ ተክኒክ ባቡር፡ ናይ ሃገራዊ ምልመላ ሞያዊ ትምህርቲ ኾይኑ ንኣኻ፡ ከም ናይ ባቡር ተክኒሻን ወይ ጸጋኒ ተክኒሻን ኴንካ ክትሰርሕ ንእትደሊ ሰብ ዚምልከት እዩ።

## ናይ ሳሚስካ ኢንዱስትሪ

ትምህርቲ ኢንዱስትሪ ሳሚስካ፡ ናይ ሃገራዊ ምልመላ ሞያዊ ትምህርቲ ኾይኑ ንኣኻ፡ ኣብቲ ናይ ቱሪዝም ክፍሊ፡ ከም ኣላዪ ናይ በረድ ዓጋዜን፡ ናይ ሳሚስክ ኢደጥበበኛ ወይ ናይ ተፈጥሮን ተመክሮ መግብን መራሒ ኴንካ ክትሰርሕ ንእትደሊ ሰብ ዚምልከት እዩ።

## ሞያዊ ትምህርቲ ትልሂት

ሞያዊ ትምህርቲ ትልሂት፡ ናይ ሃገራዊ ምልመላ ሞያዊ ትምህርቲ ኾይኑ ንኣኻ፡ ከም ያታዊ ተላሃዩ (ሳዕሳዒ) ወይ ዘመናዊ ተላሃዩ ኴንካ ክትሰርሕ ንእትደሊ ሰብ ዚምልከት እዩ።

Skolverket Utbildningsinfo